

ዶር. ዮናስ ተስፋጋብር (ሓረሻዊ ሓኪም)
መሓሪ ዘርኦጋብር (ፋርማሲስት)

# ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19 ኣብ ኣፍሪቃ

ማሕበረሰብ ዓለም ቅልጡፍ ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19 ደው ኣብ ምባል ኣብ ሓያል ምርብራብ ተጸሚዱ ይርከብ።

እዚ ሕማም ካብቲ ብወግዒ መልከፍቲ ከምዝተረኽበ ዝተኣወጀሉ ዕለት 31 ታሕሳስ 2019 ክሳብ እዚ ጽሑፍ ዝተዳለወሉ እዋን ልዕሊ 2 ሚልዮን መልከፍቲ ከጋጥም ከሎ፡ ብ ዕለት 18 ሚያዝያ ካብ ዝቐረበ ጸብጻብ ድማ 160,903 ግዳያት ሞት፡ ኣስታት 600,746 ዝኾኑ ካብቲ ሕማም ጠቕላላ ዝሓወዩ ምንባሮም ይፍለጥ።

ኣብዚ እዋን ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19 ኣብ ኣፍሪቃ ብሓያል ናህሪ ኣብ ምልባዕ ይርከብ።

ካብ ጠቕላላ ኣባላት ዓለማዊ ውድብ ጥዕና ዞባ ኣፍሪቃ (47) 45 ሃገራት መልከፍቲ ዜጋታተን ዝሕብር ጸብጻብ ኣቕሪብርን ኣለዋ። እዚ 96% ክኸውን ከሎ፡ ሌሴቶን ደሴታት ኮሞሮሰን ክሳብ ዕለት ሚያዝያ 18, 2020 መልከፍቲ ዜጋታት ዘይተራእየን ሃገራት ኮይነን ተመዝጊበን ኣለዋ።

ኣብዚ ዝሓለፈ ሰሙን ዝተመዝገቡ ሓደሽቲ መልከፍቲ ሕማም ኮቪድ-19 ከምዝሕብሮ መሰረት፡ ቁጽሪ ሕሙማት ካብ ዝሓለፈ እዋን ብ 51% ክውስኽ ከሎ፡ ግዳያት ሞት ኮይኖም ዝተመዝገቡ ድማ ብ 60% ወሲኾ ይርከብ።

ክሳብ ሚያዝያ 18, 2020 ብዝተመዝገበ ጸብጻብ 21,083 ካብ ጠቕላላ ቁጽሪ ሕሙማት 1,056 ግዳያት ሞት ክኾኑ ከለዉ (እዚ 4.8% መጠን ሞት ካብ ጠቕላላ መልከፍቲ ምኺኑ እዩ)።

ይኹን እምበር ክሳብ እዚ እዋን፡ ዝርግሐን ቅልጣፈን ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19 ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ብዝግባእ ንምግማቱ ኣዝዩ ኣጸጋሚ ኮይኑ ይርከብ።

እዚ ድማ ብዓቢኡ ምስቲ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ዘሎ መጠኑ ዝሓለፈ ድኽነት፡ ዘይብቑዕ ትሕተ-ቅርጺ ኣግልግሎት ጥዕና፡ ጻዕቂ ህዝብን ካልኦት መሰረታውያን ሕጽረታትን ተደሚሩ ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19 ንህዝቢ ኣፍሪቃ ኣብ ከቢድ ጥዕናዊ ሓደጋ ከየውድቖ ብዙሓት ወገናት ብስግኣት ካብ ዝጥምትዎ እዩ።

በንጻሩ ግና፡ ኣህጉር ኣፍሪቃ ዘለዋ ልዑል ክሊማዊ ዋዒ፡ ሕሉፍ ተሞኩሮ ቃልሲ ኣንጻር ዝሓለፉ ለበዳታት (ሕማም ኢቦላን ካልኦትን) ከምኡ'ውን ብዝሒ ካብ ነበርታ መንእሰያት ብምኻኖም፡ እዚ ሓደጋ ካብ ካልኦት ኣህጉር ኣብ ኣፍሪቃ ዝሓሸ ከምዝኸውን ዝማጎቱ ወገናት እውን ኣለዉ።

ምስ ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19 ብምትእስሳር ኣብ ኣፍሪቃ ከጋጥም ዝኽእል ክብደት መልከፍቲ ኣብ ምልላይ ዝነጥፍ ማሕበር (ውድብ) ኣብ ዝገበሮ መጽናዕቲ እዞም ትሽዓተ ነጥብታት ከም ቀንዲ ሓደገኛ ጠንቅታት ለበዳ እዚ ሕማም ጌሩ ኣቕሚጥዎም ኣሎ።

እዚ ማሕበር "Africa Center for Strategic Studies" ዝበሃል ኮይኑ እቶም ትሽዓተ ኣገደስቲ ነጥብታት ድማ እዞም ዝስዕቡ ኮይኖም ነፍሲ ወከፍ ኣፍሪቃዊት ሃገር ድማ ነዞም ነጥብታት ምስ ኩነታት ሃገራ ብምንጽጻር ዝርግሐን

ቅልጣፈን መልከፍቲ ሕማም ክትግምትን ኣብ ምቁጽጻሩ ንዝብገር ጸዕሪ ክትወስዶም ዝግብኦ ስጉምትታት ኣብ ምልላይን ክትጥቀመሉም ይግበእ።

- **ተኽእሎታት ኣህጉራዊ መልከፍቲ ሕማም ኮቪድ-19** (international exposure)
- **ትሕተ ቅርጺ ኣገልግሎት ጥዕና** (healthcare system)
- **ጻዕቂ ነበርቲ ከተማታት** (population density)
- **ብዝሒ ህዝቢ ሰፋሮ ከተማታት** (urban population)
- **ዝርግሐ ዕድመ ህዝቢ** (population age)
- **ግሉጽነት ሰበስልጣን መንግስትን፡ ወሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕናን**
- **ናይ ዜናን ሓበሬታን ናጽነት**
- **ፖለቲካውን ማሕበራውን ግጭት**
- **ምፍንቓልን ምምዝባልን ዜጋታት**

ነዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ነጥብታት ብደቂቕ ብምጽናዕ እምበኣር፡ እተን ንሓደጋ ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19 ኣብ ቅድሚት ተሰሪዐን ዝርከባ ሃገራት ብቀደም-ተኸተል እዘን ዝስዕባ እየን፦ (1) ደቡብ ሱዳን፡ (2) ዲሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኣፍሪቃ፡ (3) ሱዳን፡ (4) ናይጀርያ። ብተወሳኺ፡ ዋላ'ኳ ብደረጃ ክስዕብ ዝኽእል ሓደጋ ኣብ ቀዳምነት ዝስርዓ ኣይኹና እምበር ካሜሮን፡ ኢትዮጵያ፡ ጫድ፡ ሶማልያ፡ ኡጋንዳ፡ ግብጺ፡ ሪፓብሊካዊት ማእከላይ ኣፍሪቃ እውን እንተኾና ኣብ ድርኩኺት እቲ ዘንጸላሉ ዘሎ ሓደጋ ካብ ዝርከባ ሃገራት እየን።

እዘን ሃገራት ካብ ሓደ ንላዕሊ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ሳዕቤን ሓደጋ ንለበዳ ሕማም ኮቪድ-19 ዝኾኑ ረቛሒታት ዝረኣየለን ኮይነን፡ ነዚ ጉዳይ ብዕቱብ ርእየን ኣብ ምውጋዶም ቃልሰን ከሐይላን ማዕረ-ማዕረ እቶም ዝውሰዱ ስጉምትታት ድማ ነቲ ዘለወን እወንታዊ ጎድንታት ተጠቒመን ተግባራዊ ዝኾነ ስጉምትታት ክወስዳን ይግባእ።

ነዚ ተግባራዊ ንምግባር እምበኣር መንግስቲ ኮነ ሰብ መዚ ወሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕና ዝተፈላለያ ሃገራት ኣብ ሓያል መኸተ ይርከቡ።

እንተኾነ ግና ክሳብ እዚ እዋን እቲ እንኮ ሳዕቤን እዚ ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19 ንምውጋድ፡ ዝርግሐ መልከፍቲ ብዝተኻእለ መጠን ምቕናስ ምዃኑ እዩ ዝዝረበሉ ዘሎ።

ነዚ ንምግባር ድማ እቶም ክውሰድዱ ዘለዎም ስጉምትታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፦

- ✓ ግቡእ ምሕጻብ ኣእዳው፡ ንጽህና ስርዓተ ምስትንፋስ (respiratory hygiene) ምሕላውን
- ✓ ማሕበራዊ ርሕቀት ምሕላው
- ✓ ሓድሽ መልከፍቲ ብእጋ ምልላይ (identification)፡ ካብ ኮም ምፍላይ ወይ ምርሓቕ (Isolation) ከምኡ'ውን ምክንኻን (management)
- ✓ ምልላይን ምርካብን ምስ ሕሙማት ኮቪድ-19 ጥቡቕ ርክብ ዝነበሮም ውልቀ-ሰባት (Contact tracing and isolation)
- ✓ ምጥቃም ወልቃዊ ናውቲ መከለኻሊ መልከፍቲ ካብ ሕማም ኾቪድ-19 ብሰብ

ሞያ ጥዕና (use of PPE by health workers)

- ✓ ንቕሓት ሕብረተሰብ ብዛዕባ ሕማም ኮቪድ-19 ምብራኽ

ነዚ ስጉምቲ ተግብራዊ ንምግባር ሰበ ስልጣን መንግስቲ ከፊላዊ ወይ ድማ ምሉእ ብምሉእ ምንቅስቓስ ህዝቢ ደው ከብሉ ይኽእሉ። እዚ ወለንታዊ ወይ ድማ ግዱድ ምዕጻው መላእ ሃገር (ከተማ) ብምእዋጅ ዝግበር መስርሕ እዩ።

እንተኾነ ግና እቲ ዝዓበየ ግድል (መዋጥር) እዚ ኣገባብ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ብኸመይ ኣገባብ ተግባራዊ ክኸውን ይኽእል ዝብል እዩ።

ምኽንያቱ ዳርጋ ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ ኩነታት መነባብሮ ህዝበን ኣብ ትሑት ደረጃ መነባብሮ ዝርከብ ብምዃኑ፡ ምሉእ ብምሉእ ነዚ ናይ ምዕጻው መደባት ከተግብራ ዝከኣለን ኣይኮነን።

እቲ ቀንዲ ምኽንያት፡ ዝበዝሐ ህዝበን መዓልታዊ ካብ ኢዱ ናብ ኣፉ ዝናበር ኮይኑ፡ ንመዓልታት ወይ ሰሙናት ዝኸውን መግቢ ከዚኑ በዚ ትእዛዝ ተቖይዱ ንክኸይድ ካብ ዓቕሙ ንላዕሉ ብምዃኑ እዩ።

ከም ሳዕቤኑ እምበኣር ኣብዚ እዋን ገለ ሃገራት ነዚ ናይ ምዕጻው ወይ ድማ ምውጋድ ምንቅስቓስ ህዝቢ ብኸፊል ኣብ ምትግባር ከም ቀዳማይ ምርጭአን ጌረን ክወስድኦ ይረኣያ ኣለዋ።

ህዝቢ ንዝተወሰነ ሰዓታት ናይ ምንቅስቓስ ናጽነት ከምዝረክብ ብምጋብር ኣብ ድሕሪ ቀትሪ ወይ ድማ ለይቲ ምሉእ ብምሉእ ከምዝዕጾ ይገብራ ኣለዋ።

እዚ ናይ ምንቅስቓስ ናጽነት፡ ፍኹስ ብዝበለ ኣጠማምዓ ህዝቢ መዓልታዊ ንዝድልዮ ቀረብን ዘድልዮ ጠለባትን ኣብ ምምላእ ሓጋዚ ኮይኑ ክርአ ዝከኣል እኳ እንተኾነ እቲ ከስዕቢ ዝኽእል ጥዕናዊ ሃስያ ግና ካብ ክግመት ዝከኣል ንላዕሊ እዩ።

ህዝቢ ንዝተወሰነ ሰዓታት ክንቀሳቐስ ምፍቃድ ክኸትሎ ዝኽእል፡ ብቐንዱ ናይ ምንቅስቓስ ጻዕቂ (crowding) ክኸውን ከሎ፡ ከም ሳዕቤኑ ሰባት ማሕበራዊ ርሕቀቶም ንኸይሕልዉ ብምትብባዕ መልከፍቲ ሕማም ኮቪድ-19 ብምግዳድ ዝበኣሰ ጥዕናዊ ሃስያ የውርድ።




ስለዚ ኣብዚ እዋን ሃገራት ኣፍሪቃ ዝኽተልኦ ዘለዋ ስጉምቲ ዋል'ኳ ምኽንያታውን ሓጋዝን ይኹን እምበር፡ ንለበዳ ሕማም ኮቪድ-19 ምሉእ ብምሉእ ወይ ድማ ከምቲ ዝድለ ንምቁጽጻር ኣኻሊ ኣይኮነን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ከቢድ ዋጋ ከኽፍለና ዝኽእል ምዃኑን እዩ።

## እቲ ፍታሕ ደኣ'ሞ እንታይ እዩ ክኸውን፡

- ሰብ ሞያ ጥዕናን ሰበስልጣን መንግስትን ዝሀብዎ እዋናዊ ሓበሬታን መምርሒታትን ብግቡእ ምክትታል
- ካብ ገዛ ከይወጻእካ ጥዕናኻን ጥዕና ካልኦትን ምሕላው
- ኣዝዮም ኣገደስቲ ንዝኾኑ ጉዳያት ጥራይ ካብ ገዛ ምውጻእ፡ ኣብ ኩሉ ምንቅስቓስ ድማ

ማሕበራዊ ርሕቀት ምሕላው (ናይ ሜትሮ ምፍንታት)

- ብተወሰኺ ኣዝዮም ኣገደስቲ ጉዳያት ንምስላጥ ዝወጹ፡ ንመልከፍቲ ሕማም ኮቪድ-19 ኣዝዮም ተጠቃዕቲ ዘይኮኑ ምስዝኾኑ ተመራጺ እዩ (ብዕድመ ንእሽቱ ወይ ህጻናት፡ ተደራቢ ሕማም ዘለዎም፡ ዕድመ ዝደፍኡ ወለድን ነብሰጾር ኣዴታትን ብዝተኻእለ መጠን ካብ ገዛ እንተዘይወጹ ተመራጺ እዩ)
- ኩሉ ግዜ ጽሬት ኣእዳብ ብግቡእ ምሕላው
- ንጽህና ስርዓተ ምስትንፋስ ምሕላው

## ሽፋን ኣፍን ኣፍንጫን (Mask) ምውዳይ እምበኣር ኣገዳስነት ኣለዎ ድዩ፧

ብመሰረት ዓለማዊ ውድብ ጥዕና እቶም ሽፋን ኣፍን ኣፍንጫን (Mask) ክወድዩ ዘለዎም እዞም ዝስዕቡ ጥራይ እዮም፡-

- መልከፍቲ ሕማም ኮቪድ-19 ኣለዎም ተባሂሉም ዝተጠርጠሩ ሰባት
- ዝኾነ ዓይነት ሕማም (ረኽሲ) ስርዓተ ምስትንፋስ ዘለዎም
- ሰብ ሞያ ኣገልግሎት ጥዕና
- ሕሙማት ኮቪድ-19 ኣብ ዝኽናኸኑን ጥቡቕ ቅርበት ዘለዎምን (ካብ 2 ሜትሮ ንታሕቲ)

ዓለማዊ ውድብ ጥዕና ተጠቃምነት ሽፋን ኣፍን ኣፍንጫን(Mask) ኣብ ማሕበረ ሰብ (ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ወጻኢ) ዘለዎ ኣገዳስነት ካብ ምግላጽ ተቖጢቡ'ዩ ዘሎ።

እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ ክሳብ ሕጂ ተረኺቡ ብዘሎ ስነፍልጠታዊ ሓቅታት እዚ ጥንቂ ሕማም ኮቪድ-19 ዝኾነ ሳርስ-ኮቭ-2 ዝተናህለ ቫይረስ ብምስትንፋስ ኣይሓልፍን እዩ ብዝብል ስነመጎት እዩ።

ዓለምና ኣጋጢምዋ ዘሎ ሕጽረት ቀረብ ሽፋን መከላኸሊ ኣፍን ኣፍንጫን (Mask) ሕብረተሰብ ብዛዕባ ግቡእ ኣጠቓቕማኡ ዘለዎ ድሩት ንቕሓትን ገለ ካብ ተደራቢ ምኽንያታት እዮም።

እዚ ይኹን ደኣ እምበር ኣብዚ እዋን እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ኣዛራቢ ነጥቢ፡ እቲ ብገለ ተመራመርቲ ዝግለጽ ዘሎ ሓድሽ ሓበሬታ፡ ማለት ሳርስ-ኮቭ-2 ኣብ ከባብያዊ ኣየር ንንውሕ ዝበለ ሰዓታት የንሳፍፍ ዝብል እዩ።

በዚ ቫይረስ ክስዕብ ዝኽእል መልከፍቲ እምበኣር ኣብ ጸዕቂ ህዝቢ ዘለዎ ቦታታት ክምኡ'ውን ንምልውዋጥ ኣየር ዘይምቹኣት ጸበብቲ ክፍልታት ኣዝዩ ርሒብ ዕድል እዩ። ስለዚ ቃልሲ ኣንጻር ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19 ኣዝዩ በዳሂ ምዃኑ ንምግማቱ ዘጸግም ኣይኮነን።

ስለዚ ሰብ መዚ ምቁጽጻር ተመሓላለፍቲ ሕማማት (ሕ.መ.ኣ) ጸዕቂ ምንቅስቓስ ኣብ ዘለዎ ቦታታት ህዝቡ ሽፋን ኣፍን ኣፍንጫን (Mask) ክዘውትር ይምዕዱ።

እዚ ብዝያዳ ኣብ ዕዳጋታትን ህዝባዊ ኣገልግሎት መጓዓዝያን ኣብ እንንቀሳቐሰሉ እዋን ክኸውን ይኽእል እዩ።

እንተኾነ ግና ዋሕዲ ቀረብ ሕክምናዊ ሽፋን ኣፍን ኣፍንጫን (SurgicalMask) ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ህዝቢ ኣብ ቤቶም ዘዳለውዎ ዝኾነ ዓይነት ሽፋን ክጥቀሙ ከምዝኽእሉ ሰብ መዚ ምቁጽጻር ተመሓላለፍቲ ሕማማት ብተወሳኺ ይሕብሩ።

እዚ ብቐንዱ፡ ኣብ ምክልኻል መልከፍቲ ሕማም ኮቪድ-19 ዘለዎ ኣስተዋጽኦ ዝነዓቕ እኳ እንተዘይኮነ፡ ብተወሳኺ ግና እቲ ዝርከቡ ቀረብ ናውቲ ሕክምና ነቶም ኣብ ቅድመ ግንባር ኮይኖም ኣንጻር እዚ ዓለማዊ ለበዳ ኣብ ምቅላስ ዝርከቡ ሰብ ሞያ ጥዕና ንኸውዕል ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ።



ኣብ ገዛና ብዝርከቡ ንጥረ ነገራት ተጠቒምና ከመይ ጌርና ብቐሊሉ ሽፋን ኣፍን ኣፍንጫን (Mask) ነዳሉ ዘርኢ ቪድዮ ንምርኣይ እዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ "link" ጠውቑ።

https://www.youtube.com/watch?v=R393ibi3pnc&t=27s

ዶር. ዮናስ ተስፋጋብር, ሓፈሻዊ ሓኪም

መሓረ ዘርኣጋብር፣ ፋርማሲስት